# <u>መልእኽቲ ደገፍን ሰናይ ትምኒትን</u>

**ዝኸበርኩም ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ!**

**ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ!**

ኣቐዲመ እንኳዕ ናብ መበል 38 ዓመት ምስረታን በዓልን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብፀሓኩምን ኣብፀሓናን እናበልኩ ኣብ'ዚ ክቡር በዓል'ዚ ንኽንርከብ ዕድመ ተጌሩልና ብምስታፍና ድማ ብሽም ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዝተሰመዓኒ ታሕጓስ ክገልፅ እፈቱ፡፡

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን !

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ሃገርና ብሓፈሻ፣ ኣብ ትግራይና ድማ ብፍላይ ኣብቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ከቢድ ብሄራዊ ወፅዓን ዕብለላን ብምንባሩ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር እቲ ዝነበረ መስካሕክሒን ግፍዕን ዕብለላን መሪሕ ኮይኑ ተቓሊሱ፡፡ ንማሕበራዊ ፍትሒ፣ ንማዕርነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን፣ ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ኢትዮጵያ፣ ንዴሞክራሲ፣ ንሰላምን ልምዓትን ከቢድ ቃልሲ ኣካይዱ'ዩ ህዝቢ ትግራይ መሪሕ ኮይኑ ስለዝተቓለሰ ድማ ቀያሕትን ፀለምትን ፣ ምዑታትን ምሩፃትን ደቂ ህዝቢ ዋጋ ከፊሎምዮም፡፡ ኣስታት 60 ሽሕ መስዋእቲ ህይወት፣ ልዕሊ 100 ሽሕ ድማ መጉዳእቲ ኣካል በፂሕዎም፡፡

ዕላማን ዕንዓትን፣ ህዝባውነትን ተወፋይነትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እናሓየለ፣ ኣድማሳዊ እቲ ቃልሲ እናስፈሐ፣ ናብቲ ቃልሲ ካልኦት ኣሓት ውድባት እናተሓወስዎ ምስከዱ ድማ ህዝቢ ትግራይ ምስካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ኮይኑ ኣብ ኣፍሪካ መዘና ዘይነበሮ ሽሾ ሰራዊት ደርጊ ቕድሚ 21 ዓመታት ክብርዕን ጌርዎ፡፡

ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ እዉን እዩ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ቕድሚ 38 ዓመታት ተወሊዱ ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት ኣብዝገብሮ ዝነበረ መሪር ቃልስን መኸተን ታሪክ ዘይርስዖ መስተንክራዊ ቅያታት ንምፍፃም ዝበቕዐን፣ ዝፍፅም ዘሎን፡፡

**ዝኽበርክንን ዝኽበርኩምን !**

ሓቂ እዩ! ህዝቢ ትግራይ ዝገበሮ ብረታዊ ቃልሲ ሉሙፅን ቀሊልን ኣይነበረን፡፡ እቲ ቃልሲ በቢምዕራፉ ዓበይቲ ፈተነታት የጓንፍዎ ኔሮም'ዮም፡፡ ዘጓንፍዎ ዓበይቲ ብድሆታት ድማ ብሰላማ ፅንዓትን ፅሬት መስመርን ህዝባውነትን .... ህዝቢ እዩ ሓይልና! መስመር እዩ ሓይልና! እናበለ ብኽቢድ ቃልስን ተበላሓታይነትን ይፈትሖምን ይሰግሮምን ኔሩ፡፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ'ውን ኣካል ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኔሩን ኣሎን'ሞ ዕላማታትን ህዝባውነትን ህወሓት ኣሚኑን ጨቢጡን ስለዝተቓለሰ ድማ ዘጓንፍዎ ዝነበሩ ብድሆታት ብፅንዓትን ተወፋይነትን ይሰግሮም ኔሩ፡፡ ኣብ ውፅኢታውነት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽ ዘይርስዖ፣ መስተንክራዊ ቅያታት ድማ ፈፂሙ፡፡

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብቲ መስርሕ ቃልሲ ዓብይ ሰብኣውን ማተሪያላውን ሓገዝ ጌሩ፡፡ መስዋእቲ ህይወት ከፊሉ፡፡ ካልኦት መሰታ ፖለቲካዊ ማሕበራት ሰንሰን ኢሎም እንትወድቁን እንትብርዕኑን፣ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ግን ህዝባዊ ሕድሪ ተሓንጊጡ፣ ዕላማታት ህወሓት ጨቢጡ ስለዝተቓለሰ ዕዉት ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ምኻዱ እዚ ንባዕሉ ናይቲ ማሕበር ብልጫ'ዩ፡፡

**ዝኽበርክንን ዝኽበርኩምን ተሳተፍቲ'እዚ ፌስቲቫል!**

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተጀሚሩ እስካብ ዝዛዘም፣ ኣብ ጎኒ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ተሰሊፉ ተቓሊሱ'ዩ፡፡ ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካ ኣለዓዒሉን መሪሑን ኣብነታዊ ተራ ዝተፃወተ ውዳበ'ዩ፡፡ ነዚ ድማ ከም ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዘለና ናእዳን ክብርን ዝለዓለ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክንገልፅ ንፈቱ፡፡

ከምቲ ዝፍለጥ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ተዛዚሙ'ዩ፡፡ ናይ ልምዓት፣ ሰላምን ዲሞክራሲን ቃልስና ግን ተጀሚሩ'ምበር ኣይተዛዘመን፡፡ ህዝብታት ክልልናን ሃገርናን ዓብይ ዝላ ዘምፀኣሎም ትልሚ ዕቤትን ስግግርን 5 ዓመት ሓንቲያም ኣብ ከቢድ ምዕራፍ ቃልሲ ልምዓት ይርከቡ፡፡ እዚ ትልሚ'ዚ ክዕወት ድማ ውድብ፣ ህዝቢ፣ መንግስትን ልምዓታዊ ሰብ ሃብትን ኣብ ዓብይ ቃልሲ ይርከቡ፡፡ ውፅኢት ትልሚ ዕቤትን ስግግርን ንክሰምር፣ ነዚ ዘሐንኩሉ ኣረኣእያታትን ተግባራትን ክራይ

The Government of the National State of Tigrai

ኣካብነት ክሰኮኑ ድማ ውድብ፣ ህዝብን መንግስትን ተሰጣጢሞም ኣብ ከቢድ ቃልስን መኸተን ይርከቡ፡ ውዕኢቱ ድማ ተስፋ ዝህብን ዘሐብንን ኮይኑ'ሎ፡፡

እቲ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ቀፃልነት እንተዘይሃልይዎ ግና ንድሕሪት ዝምለሰሉ ዕድል ዕፅው ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ልምዓታውን ዲሞክራሲያዊን መንግስትና፣ ህዝባውነትን ዕላማ ፅንዓትን ዝመለለይኡ ውድብና ድማ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካን ከም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝኣምሰሉ ደገፍትናን ፈተውቲ ቃልስናን ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ዓሲሎም ኣብነታዊ ተርኦም ክፃወቱ ንፅውዕ፡፡

ብፍላይ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዘጥረኹዎ ተሞክሮ ዓቕምን ክእለትን ብዝያዳ ብምጥቃም ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን፣ እተፈላለዩ ማሕበራት፣ ኣልሙኒያት፣ ፍሉጣት ውልቀሰባት ኮታስ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ምልዕዓል ብምግባር ኣብቲ ዕውትነት ትልሚ ዕቤትን ስግግርን ክልልናን ሃገርናን እጃምኩም ክተሐይሉ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን መንግስቲ ትግራይን ይፅውዕ!

ኣብ ዲሞክራሲ፣ ልምዓት፣ ሰላም፣ ኣብ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ዝምድናታትን ዝሓዝኩሞም ዕላማታት ንክዕወቱ ከም ውድብን መንግስትን ዘለና ደገፍ ኣበርቲዕና ከምንቕፅል ቃል እናኣተና፣ ንስኩም'ዉን ዘለኩም ሓድነት ቃልሲ ኣበርቲዕኩም ክትቕፅሉን ንካልኦት ኣብነታውያን ክትኮኑን ንፅውዕ!

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንስውኣትና !

ካብ ቤትፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን መንግስቲ ትግራይን

ኣባይ ወልዱ

ርእሰ ምምሕዳር መንግስቲ ትግራይ